ቀዳማይ ጽሑፍ 1.1.

ተደራቢ ሰነድ: ኣማኻሪ መደብ ምውህሃድ

# ሓበሬታ ብዛዕባ ናትኩም መደብ ምውህሃድ ነቶም ኣብ መደብ ኢንትሮ ትሳተፉ

## ብዛዕባ መደብ ምውህሃድ ናትኩም

- ብምትሕብባር ምስ ምምሕዳር ኮንኩም መደብ ምውህሃድ ዝኾነ ክትገብሩ ኢኹም ኣብዛ ምስታፍኩም ግዜ ናይ መደብ ኢንትሮ። ኣብ መደብ ኢንትሮ ብምስታፍኩም ብቑዕ ትምህርቲ ቋንቋ፣ ኣፍልጦ ብዛዕባ ሕብረተ ሰብ ኖርወይ፣ ግዴታዊ ብቕዓታት ከምኡ ከኣ መላለዪ ስራሕ ዓለም ከም ትረኽቡ ኢዩ ዝገብር። ዕላማ ናይዚ ድማ ምስቲ ሕብረተ ሰብ ኖርወይ ብዝቐልጠፈ ክትወሃሃዱ ከምኡ ከኣ ነብሰ ክእለት ቁጠባዊ ክህልወኩም ኢዩ።

## ሌላ ብቕዓትኩም

- ቅድሚ መደብ ምውህሃድ ምፍጻሙ ነቲ ዘለኩም ብቕዓት ከተላልዩ መሰልን ግዴታን ኣለኩም ን ክትፍጽምዎ። እዚ ናይ ሌላ መደብ ብውሑዱ ትኽእልዎም ቋንቋታት፣ ዘለኩም ደረጃ ትምህርቲ፣ ናይ ስራሕ ተሞክሮኹም ከምኡ ከኣ ካልእ ዓይነት ጠቓሚ ዝኾነ ብቕዓት ዘለኩም ዘርኢ ጽሑፍ ክኸውን ዘለዎ።

## ምኽሪ ስራሕ

- ነዚ ምኽሪ ስራሕ ዝብል ክትፍጽምዎ መሰልን ግዴታን ኣለኩም። እዚ ምኽሪ ናይ ስራሕ፣ ሓበሬታ ብዛዕባ ትምህርትን ስራሕን መደብ ንክትገብሩ ዘቃልል ዕድል ኢዩ።

## ትሕዝቶ መደብ ምውሃህድ

- ትሕዝቶ መደብ ምውሃህድ ነዚ ዘማልእ ክኸውን ኢዩ ዘለዎ፣ ንሱ ድማ መወዳእታ ዕላማኹም ወይ ናይ መጻኢኹም መደብ፣ ዕላማ ቋንቋ፣ መደብ ኣመሃህራ፣ ንውሓት ናይ መደብ ኢንትሮ ከምኡ ከኣ ናይ ጥርዓን መሰላትኩም ዝብላ ኢየን። መደባትኩም ድማ ኣብዚኣን ዝተሞርከሰ ኢዩ ክኸውን ዘለዎ፣ ትምህርታውን ከምኡ ከኣ ናይ ስራሕ ዘለኩም መሰረት ወይ ድሕረባይታ ፣ ብቕዓታት ናይ ስራሕ ዓለም ዝምልከት ከምኡ ከኣ ካልእ ዓይነት ብቕዓታት ኣገደስቲ ዝኾኑ ነቲ መደብኩም።

ትሕዝቶ መደብ ኢንትሮ ብውሕዱ ነዚ ዝሓዘ ክኸውን ኣለዎ:

ሀ) ትምህርቲ ቋንቋ

ለ) ትምህርቲ ኣፍልጦ ሕብረተ ሰብ

ሐ) ኮርስ ናይ ምምካት ሂወት

መ) ን ትምህርትን ስራሕን ዝምልከት ካልእ ስልጠናታት።

ትሕቲ 18 ዓመት ዘለዎም ተሳተፍቲ ድማ ኣብ ኮርስ ምኽሪ ስድራቤት ዝብል ክሳተፉ ኢዮም።

መደብ ኢንትሮ ምሉእ ዓመትን ምሉእ ሰዓታትን ኢዩ ክኸውን ዘለዎ።

## መወዳእታ ዕላማኹም

- ምምሕዳር ናይ መወዳእታ ዕላማኹም ኣብ ግዜ ምስታፍ መደብ ኢንትሮ ክገብረልኩም ኢዩ። እዚ መወዳእታ ዕላማኹም በቲ ድሕረ ባይታ ናይ ትምህርቲ ዝበጻሕክሞ ቅድሚ ሕጂ ከም ዘለኩም ኢዩ ዝውሰን።

## ዕላማ ቋንቋ ኖሽክ

- ተሳተፍቲ ቋንቋ ኖሽክ ብውሕዱ እቲ ዝተሓተ ደረጃ ቋንቋ ክበጽሖ ኣለዎም። ምምሕዳር ኮሙነን ዞባን ድማ ተሳተፍቲ ነዚ ዝተሓተ ደረጃ ብውሕዱ ከም ዝበጽሕዎ ክገብሩ ኢዮም።

## ምክትታልን ገምጋም ምግባርን ናይ መደብ ምውህሃድኩም

- ኣብ ዝተወሰነ ግዜያት ድማ ምምሕዳርኩም ብዛዕባ መደብ ምውህሃድ ናትኩም ከመይ ከም ዘሎን ከመይ ይጠቕመኩምን ኣሎ ዘርርብ እንዳ ገበረ ገምጋም ክገብር ኢዩ። ነዚ መደብ ምውህሃድ ናትኩም ዘይትከታተልዎ እንተ ኣሊኹም ወይ ከኣ መደባትኩም ክትቅይሩ ምስ ትደልዩ ነቶም ኣማኸርቲ ናትኩም ብዝቐልጠፈ ክትረኽብዎም ኣለኩም።

## ነዚ መደብ ምውህሃድ ክትጠርዑ ዶ ትደልዩ ኢኹም?

- ነዚ ዝወሃበኩም ትምህርቲ ከምኡ ከኣ ትሕዝቶ ናይዚ መደብ ምውህሃድ ክትጠርዑ ትኽእሉ ኢኹም።

## ክትጠርዑ ምስ ትደልዩ፣ እዚ ክትገብሩ ኣለኩም:

- እቲ ውሳኔ ብዛዕባ መደብ ምውህሃድ ምስ ተወሃበኩም ጥርዓን ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ሰሙን ከተቕርቡ ኣለኩም።
- እቲ ነቲ ናትኩም ውሳኔ ዝገበረ ምምሕዳርኩም ናብኡ ኣረክብዎ እቲ ጥርዓንኩም
- ትጠርዕሉ ዘለኹም እንታይ ከም ዝኾነ ክትጽሕፍዎ ኣለኩም
- ፊርማ ዝሓዘ ክኸውን ኣለዎ እቲ ጥርዓን

ንዓኹም ወኪሉ ምሉእ ስልጣን ዘለዎ ሰብ ድማ ጥርዓን ከቕርብ ይክኣል ኢዩ። ሓደ ሰብ ወኪል ናትኩም ኮይኑ ምሉእ ስልጣን ዝሃብክሞ ንክጠርዕ ምእንቲ፣ ብጽሑፋዊ መሰረት ምሉእ ስልጣን ዝቐረበ ክኸውን ኣለዎ። ሓደ ምሉእ ስልጣን ዝበሃል ድማ እንታይ ወኪሉ ክገብር ከም ዝግብኦ ዝገልጽ ጽሑፍ ክኸውን ኣለዎ። ጠበቓ እንተ ኣሊኩም ድማ ግን ምሉእ ስልጣን ኣየድልዮን ኢዩ።

## ሓበሬታ ብዛዕባ መደብ ምውህሃድ ኣበይ ክትረኽቡ ትክእሉ?

ብዛዕባ መደብ ምውህሃድ ኣብቲ ሕጊ ምውህሃድ ዝበሃል ኣብኡ ሓበሬታ ክትረኽቡ ይከኣል። እቲ ሕግታት ድማ ኣብዚ ብ ኣሕጽሮት ተጻሒፉ ትረኽብዎ www.imdi.no ከምኡ ከኣ ኣብ Kompetanse Norge nettsider.

ጽቡቕ ዕድል ይግበረልኩም!